# ፈሰቲቫል ፍራንክፉርት ንመንዩ ዝበዓል፤

ፈሰቲቫል መግለጺ ሐጕሰካን ገምጋሚ ሕሉፍ ስራሐትካን ሓባሪ ህልዊ ኩነታትካን ኮይኑ ኩሉ ወዲ ሃገር ዝካፈለሉ ንድልየትን ስምዒትን ናይ ኩሉ ሰብ ቀስቃሲ ሐይሊ እዩ፡፡

ኮይኑ ግን ህዝቢ ብዀነታት ሃገሩ ዝሐስብ ኩሉ ጉዳዩ ብህግደፍ ተመንጢሉ ኤኮኖሚያዊ ትካላትን ማሕበራዊ ጉዳያትን ሃገር ተዳኺሙ፤ መንእሰያት ሐላፍነት ሃገሮም ንምሽካም ብጽቡቅ ተመልሚሎም ዓብዮም ግብኦም ክቅበሉ ዝግብኦም ብዀሉ ሸነኻት ተግባራት ህግደፍ ሰለዝመረሮም በሸሐት ዝቁጸሩ ዝፈትውዋ ሃገሮም ገዲፎም አብ ፈቀዶ ጎረባብቲ ሃገራት ይዅን አብ ርሑቅ ሃገራት ተሰዲዶም ፋሕ ኢሎም አብ ከቢድ ናይ ሰደት መነባበሮ ጥራይ ዘይኮነስ አብ ቤት ማእሰርትታት ተዳጕኖም ኢዮም ዘነብሩ ዘለዉ፡፡ እቲዝሽፍኤ ድማ ንጨፍጫፊ ስርዓት ህግደፍ ራሕሪሖሞ ወጺኦምሲ በስገዳድ ንዓዶም ንኤርትራ ይምለሱ አለው።

ንዓድኻ ምምላስ ነውሪ አይኮነን እንተኾነ ግን ናይ ፖለቲካ ሕቶኡ አብ ውሽጢ ዓዱ ዘይተመለሰሉ እሞኸአ ንድሕነት ሂወቱ ኢሉ ካብ ዓዱ ዝወጽኤ መንእሰይ ንዓደይ አይምለስንየ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገረይ አብ ሂወተይ የስጋእኒ ኢዩ እንዳበለ አገዲድካ ንዝምለስ ሰብ ዘጋጥሞ ሐደጋታት ቀሊል አይኮነን። ቅድሚ ሎሚ ዝተመልሱ መንእሰያት አብልዕሊኦም ዝወረደ ጨካን ተግባራት ህግደፍ ኩሉ ኤርትራዊ ዝፈልጦ ሐቂ ኢዩ።

አብ ከምዚ ዝአመሰለ ተሃዋሲ ፖሰቲካ ህግደፍ ናይ ህዝቢ ፈስቲቫል ዘይኮነስ መአከቢ ገንዘብ ውሑዳት ሰበስለጣን ጥራይ ኢዩ።

አብ ወጻኢ ሃገራት ፈቲቫል ጉጅለ ህግደፍ ንምብዓል ዝሳተፍ ኤርትራዊ ንዅነታት አብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቡን ሃገሩን ዘይፈልጥ ዘይኮነስ ቁሩብ ካብ ብዙሕ፡

1. ፍርሒ....... አብ ወጻኢ ሃገራት መሰልካ ተሐልዩ እንዳነበርካ እንታዩዘፍርሐካ።
2. ጥቅሚ....... ኩሉ ወዲ ሃገር አብ ሃገሩ ሐደ ረብሐን ሐደ ጥቅምን ኢዩ ዘለዎ።

ስለዚ እዚ ፈስቲቫልዚ ንውሑዳት ሰበስልጣን ህግደፍ ገንዘብ መምልኢ ቆፎኦም እምበር ንሕዝቢ ኤርትራ ከምዘይበጽሖ ተረዲኡ ኩሉ ወጽዓ ሃገሩን ህዝቡን ክግምግም ዝኽእል ኤርትራዊ አብ ፈሰቲቫል ፍራንክፉርት ናይ ዕለት 11—13 ሐምለ 2008 ከኸይድ የብሉን።

አብ ወጻኢ ዘሎ ህዘቢ ነቲ አብ ውሽጢ ሃገር ኮይኑ ዚሳቐ ዘሎ ጎኑ ዝኾነ ህዘቡ ምእንቲ መሰሉ ክዛረብን ክሐትትን ሰላማዊ ሰልፍታት ክገብርን አለዎ።

ሃገራዊ ቁዋም አብ ስራሕ ይውዓል፤
ሕግን ፍትሕን አብ ሃገር ይንገስ ፤
ናይ ፖለቲካ እሱራት ይፈትሑ ፤
ድልየት ህዝቢ ሰላም’ዩ ኢሉ ክጭርሕን ክማጎትን አለዎ፤

ብፍላይ እቲ ንዅነታት ሃገር ብቐረባ ዝዕዘብ ዝተወደበን ተሰሪዑ አገለጋሊ ስርዓት ህግደፍ ኮይኑ ዘሎዩ’ሞ አቱም አባላት ህግደፍ ቅድም-ቅድም ነቲ ተጣሒሱ ዘሎ መደብ ዕዮ ሰልፍዅምን ጉዳይ ሃገርን መሰል ውጹዕ ህዘብን ከም ካልኦት ደቂሃገር ንዓዅምውን ይምልከት’ዩ፡ መስርሕ መደብ-ዕዮ ስልፍዅም እንዳ ተጣሕሰ እንዳርኤዅም ከምዘይርኤዅም ስቅ አይትበሉ፤ መራሒ ሕግደፍ ሕዝቢ ሐሲምዎ መሪርዎ ከሎ አብ ህዝቢ ራህዋ ከምዘሎ፤ ሰላምን ቅሳነትን ተሐሪምዎ ከሎ አብ ውሽጢ ሃገር ሰላም ከምዘሎ፤ ሕዝቢ አብ ነንሕድሕዱ ምትእምማን ስኢኑ ተፋላልዩ ከሎ ሐደ ሕዘቢ ሐደ ልቢ፤ ሕዘቢ ነንበይኑ እንዳተጓዕዘ ብሐደ ከም ዝምርሽን ከምዝሽትትን፤ ምእንቲ ካብ ድልየቱን ሐሳባቱን ዝተፈልየ ንእሽቶ ቃላት ከይመልቆ’ሞ ቁሩብ ነቃዕ መገዲከይፍጠር ባዕሉ አፈኛ ናይ ኩሉ ህዝብን ትካላት ሃገርን ኮይኑ ባዕላዊ ስልጣን ተጠቂሙ አብ ዝምልከቶን ዘይምልከቶን ጉዳይ ሃገር ተዋፊሩ በቲ ንስልጣኑ ዘደልድልን ዘናውሕን ጥራይ ወግሔ ጸብሔ ሸንኮለል እንዳበለ ከሎ፡ አየ መራሒ ሕግደፍ ዝበሎ ኩሉ ጽቡቅዩ እንዳበልኩም ኩሉ ነገራት ተጠምዚዙ ቁኑዕ

መገዲ ተሳሒቱ እንዳርኤኹም ብዓቢኡ መሰል ህዝቢ ብኻልኣይ ድማ መደብ-ዕዮ ሰልፍኹም ተጠሊሙ ከምዘሎ ተረዲእኩም ኣብ ህዝብን ሃገርን መሰረታዊ ለውጥን ፍታሕን ንምምጻእ ምስ ህዝብኹም ብጽምዋ ተማኸሩ።

ኣብዚ'ውን ክርሳዕ ዘይብሉ ጉዳይ ህግደፍ'ዩ። ህግደፍ ኣብ ስልጣን ክመጽእ ከሎ ንጽቡቕ ድልየት ሕዝብን ሰራዊትን መዝሚዙ ንልምዓትን ህንጻን ሃገር ብተዋፈይነት ስራሕ ኣዊጁ ከም ዝመጽኤ ኩሉ ወዲ ሃገር ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ።

ህግደፍ ካብ ራህዋ ህዝቢ ስልጣኑ ዘገድሶ፤
ህግደፍ ካብ ሰላም ሃገር ስልጣኑ ዘሓይል፤
ህግደፍ ካብ ልምዓት ሃገር ድልየቱ ዘርዊ፤
ህግደፍ ካብ ጥቕሚ ህዝቢ ረብሓኡ ዘቀድም ሰልፊ ኢዩ።

ፖለቲካ ህግደፍ በብጊዜኡ ዝለዋወጥ ንህዝቢ ከታልልን ከእምንን ይኽእልዩ ዝበሎ ጊዚያዊ ጽቡቕ ቃላት ኣብ ሰራሕ ዘይውዕል ብመደብ ኮነ ኢሉ ሰሪዑ ብደረጃ መራሒኡ ገይሩ ብዘ ለዎ መራኸቢ ብዙሓን ተጠቒሙ ፕሮፓጋንዳ እንዳዘረግሔ ዓመት መጽኤ ኣብ ጉዕዞኡ ብውሕሉል ቃላት እምበር ብስራሕ ዘይተፈተነ ሰልፊ እዩ።

ህዝቢ'ውን በቲ በብጊዜኡ ዝዋሃቦ መናፍሕ እንዳተደናገረ ጭቡጥ ነገራት ከይሓዘ ይነብር ኣሎ። ህዝቢ ሰላም ረኺቡ ኣብ ናብርኡን ኩሉ ኩነታት ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገሩ ከይሓስብን ከይማራመርን ሰላም ምእንቲ ከይርከብ በብጊዜኡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ውግእ ምውላዕ፤ ሃገር ከይትህነጽን ከይትምዕብልን መነባብሮ ህዝቢ ከይልወጥን ኩሉ ኣፍራይ ሓይሊ ወዲ ሃገር ኣብ ቅድመ ግንባር ምልኣኽ፤ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋምን ሕግን ፍትሕን ሃገር ብምፍርራሕ እንዳገዛእካ ስራሕ ንዕብየትን ልምዓትን ኢልካ ምጭራሕ ኣይክውንነትን፤ ሕዝቢ ንመሰሉ ንፍትሒ ንሕጊ ንሰላም ከይዛረብን ከይቃለስን ብፍርሒ ኣፉ ተዓጽዩ፤ ስርዓት ህግደፍ ብዝፈጠሮ ሓሶትን ኣረዓድን ፈላለይን ኣጠራጣርን ፕሮፓጋንዳ ህዝቢ ነንሕ ድሕዱ ኣብ ዘይተኣማመነሉ ደረጃ በጺሑ ክሳብ ኣብ ውሽጢ ስድራቤታት ኣትዩ ተግባራቱ ግሉጽ ኮይኑ ህዝቢ ብፍላይ እቲ ኣፍራይ ኤርትራዊ መንእሰይ ነብሱ ከድሕን ዝፈትዋ ሃገሩን ሕዝቡን ራሕሪሑ ይስደድ ኣሎ፤ እንብኣርከስ ባዕላዊ ስርዓት ህግደፍ ምስ እንባገነን መራሒኡ ብሕዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክቕየር፤ ምረት ሕዝቢ ከብቅዕ፤ ሰላምን ራህዋን ክነግስ፤ ተቓወምቲ ውድባትን ተቓወምቲ ሰልፍታትን ሲቪካውያን ማሕበራትን ኩሉ ሰላም ዝምነ ኤረትራዊን ነዚ ካብ ዕለት 11 ክሳብ 13 ሓምለ 2008 ኣብ ከተማ ፍራንክፉርት ክብዓል ተዳልዩ ዘሎ ፌስቲቫል ገንዘብ መምልኢ ቆፎ ህግደፍ ኣንጻሩ ህዝቢ ንዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ ተዳልይሉ ኣሎ።

ሃገርና ክሳብ ብቅዋም እትመሓደር፤ ሰላምን ሕግን ፍትሕን ዝነግሰላ፤ ህዝብና ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢ ሃገራትን መሰሉ ዝሕለወሉን ዝኸብረሉን፤ ሃገርና ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ዘይትድፈረሉ ልዑልነታ ተኸቢሩ ልሙድ ናይ ወጻኢ ዝምድነታታ መስሪታ ምእንቲ ከትነብር ኩሉ ወዲ ሃገር ኩነታት ሃገሩን ህዘቡን ተረዲኡ ኣብቲ ዘዓውቶ ዓይነት ቃልሲ ኣለልዩ ቃልሱ ከሓይል ኣለዎ።

ሰላምን ሕግን ፍትሕን ይንገስ፤
ናይ ፖለቲካ እሱራት ይፈትሑ፤

*ገብረዝጊ ኣፈወርቂ*
6 ሓምለ 2008